# <u>ውሳኔታት ህዝባዊ መኸተ ከተማ ካስልን ከባብቢኣን</u>

ሎሚ ዕለት 23.01.2010 ንጉዳይ ማዕቀብ ኣመልኪትና ዘካየድናዮ ህዝባዊ መኸተ ተቐማጣይ ህዝቢ ካስልን ከባቢኣን እዚ ዝስዕብ ሓበራዊ ውሳኔ የሕሊፉ ።

1. ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ኤርትራ ዘሕለፎ ጭብጢ ኣልቦን ዘሕንኽን ውሳኔ ቁጽሪ 1907/2009 ብትሪ ንኹንኖ ጥራይ ዘይኮነ ዳግም ተኸሊሱ ኣቲ እገዳ ክሰሓብ ንጽውዕ!
2. ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሐቡራት ሃገራት ሕጋዊ ሓላፍነቱ ተሰኪሙ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክተግብር ንጽውዕ!
3. እዚ ብኣሜሪካን ከደምታን ዝተጠጀአ ጉዳይን ሓደገኛን ውሳኔ: ኩለን ደለይቲ ሰላምን ፍትሕን መሓዙት ኤርትራን ዝኾና ማሕበረሰብ ዓለምን ሃገራትን ብትሪ ክኹንኖኦ ንጽውዕ!
4. መንግስትና ዝኽተሎ ዘሎ ዓቃልን ውሕሉልን ዲፕሎማስያዊ ኣተሓሕዛ እንዳ ደገፍና ሽርሒ ምምሕዳር ኣሜሪካን ሰብ ፍሉይ ረብሓን ንኹንን!
5. ማሕበረሰብ ዓለም ካብ መሳርሒ ሰብፉሉይ ረብሓ ምኳን ተቖጢቡ ንዝቐመሉ ዕላማታት ደው ክብል ንጽውዕ!
6. ልኡላውነት ሃገርና ንምውሓስ ብመንግስትና ዝውሰዱ ዘለው ግብራዊ ስጉምትታት ምሉእ ደገፍና ነረጋግጽ!
7. ብመገዲ ወፍሪዋርሳይ ይከኣሎ ዝሰላሰል ዘሎ ቁጠባዊ ዕብየት ሃገርና ንኹሉ መሰናኽላት ሰጊሩ ነብሳ ክኢላ ትስውደሉ ዘላ ኣገባብ ሃገራዊ ወፍሪ ንቑጠባዊ ሓርነት ነሞጉስ!
8. መኸተና ብግብሪ ንምርግጋጹ ህዝባዊ ሰለማዊ ሰልፊ ክንውድብን ክኒኡ ድማ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ካባና ዝጠልብዎ ጠለባት ከነማልእ ድልዋት ኢና!
9. ፍትሒ ካብ ጽንዓትን መኸተን ጥራይ ከምትወሓስ ብምግንዛብ ንፍትሒን ሰላምን ዝካየድ ጻዕሪ ምጽማም ዝሓትትን ግዜ ዝወስድን ብምኳኑ ብምግምጋም:-

   ክብረት ሓበንን ካብ ጻዕርን መስዋእትነትን ዝምንጩ ምኳኑ ብምርዳእ እዋኑ እዋን መኸተን ምክልኻል ልዑላውነትን ዝጠልብ ስለ ዝኾነ፡ ሎሚ'ውን ከምቀደም፡ ሓድነትና ኣስጢምና፡ ምኣዝንና ኣመዓራሪና፡ ፍትሓዊ ምረሻና ንምዕዋት፡ ሃገርና እትጠልቦ ዘበለ ኩሉ ክነበርክትን፡ ጻኒዕና ክነጽንዕን፡ ብዘይ ቅድመኩነት ምስ ህዝብናን መንግስትናን ደው ክንብልን ብናይሎሚ ኣጋጣሚ እንገብሮ መኸተና ነረጋግጽ!

ጉዕዞና ከምቀደም፡ መንገዲ ሓቂ ስለዝኾነ፡ ዓወትና ናይ ግድን እዩ፡ ውድቀት ንከደምትን ተንበርከኽትን!

ዓወት ንወፍሪ ዋርስይ ይከኣሎ!

ሓድነትና ንዘልኣለም ይንበር!

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና!

ኣወሃሃዲት ሽማግለ ከተማ ካስልን ከባብቢኣን

VEREIN DER ERITREER IN KASSEL & UMGEBUNG e.V.